# ምዝንባዕ ገለጻ ታሪኽ ዕላምኡ ግህዶ ኮይኑ

ብ ኑራ ሑሴን

## ካልኣይ ክፋል

እቲ ኩሉ ፈደራላዊ ስምምዓት ምስ ተጣሕሰን ውዲታት መግዛእቲ ምሉእ ብምሉእ ጋህዲ ምስኮነን፡ ናጽነትን ሓርነትን ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ፡ ብረታዊ ተጋድሎ ናይ ግድንን መተካእታ ዘይብሉን ምርጫ ኮይኑ ተረኺበ። ብስሳን ሓደን ሓደ መስከረም ድማ፡ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ወተሃደራዊ ክፍሊ፡ ብተጋዳለይ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንምምስራት ተበቒዐ። ኣብ ትሕቲ በቲ መዋእል ዝነበረ ወድዓውን ባዕላውን ክውንነት፡ እቲ ብዘይካ ኣብቲ ቅኑዕ መትከልን ዕላማን እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ዝምርኮሰሉ ነገር ዘይነበሮ ተቓላሳይ፡ በቲ ዝነበሮ ብዓይነቱ ኮነ ብቑጽሩ ኣዝዩ ትሑት ብረት፡ ምስ መግዛእቲ ክፉኳፈግ ጀመረ። ብ64 መጋቢት 15 ድማ፡ ኣብ ቶጎሩባ ንናይ መግዛእቲ ውዲትን ሕልናን ዘምከኸን፡ ንህዘብና ድማ ዓወት ዘበሰረን፡ ዓቢ ታሪኽ ጅግንነት ከመዝግብ ከኣለ።

እቲ በቲ ግዜ'ቲ ሰውራ ዝመርሕ ዝነበረ ላዕለዋይ ባይቶ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጎኒ ሰውርኡ ንምስላፍን ንሰውራ ከኣ ብቕልጡፍ ንምሕያል ካብ ዝብል መርሆ፡ ኣብ ኣልጀርያ፡ ሰውራ ንምዕዋት ዝተጠቕምሉ ሜላ እሞ ብኣድማዒ ስልቲ ድማ ዝልለ ፍቱን ተምኩሮ፡ ሰውራና ክጥቀመሉ ተባሂሉ ንምልቅሑ'ኳ እንተተባህገ ምስ ኤርትራዊ ክውንነት ስለ ዘይተሳነየ፡ ንባዕሉ ሽግር ኮይኑ ተረኺበ። ይኹን እምበር ነቲ ዝኸይድ ዝነበረ ኩነታት ብግቡእን ብኣግኡን ዝተገንዘቡ ሰውራውያን ተቓለስቲ፡ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ብዝገበርዎ ምእራም ብዝብል ምንቅስቓስ ብወተሃደራዊ ጉባኤታት ማለት ጉባኤ ዓዋተን ኣዶብሓን ኣቢልካ፡ ሓድነት ሰራዊት ሓርነት ምርግጋጽ፣ ንኣልቦነት ንጹር ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ናይ ኣመራርሓ ጸገማትን ብሓላፍነታውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ምፍታሕ፣ እቲ ከም ሳዕቤን ናይ'ቲ ዝነበረ ተመኩሮን ዘኸተሎ ገለ-ገለ ኣሉታዊ ተርእዮታት ምፍዋስ፣ ብዓቢኡ ድማ ህጹጽ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ንኽካየድ ዝጸወዐን ብዘይ ዋዓል ሕደር ድማ ናብ ምስንዳእ ንጉባኤ ዘምረሐ ኣዝዩ ብሉጽን ዘሐብንን ሰውራዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ደፊንካ ክሕለፍ ዘይከኣል'ዩ።

ክስመረሉ ዝግባእ ነጠቢ ድማ ብመንጽር ዘሎናዮ መዋእል ዘይኮነስ በቲ እዋን ዝነበረ ክውንነት ምስ ዝጥመት፡ ኣብቲ ኣብ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ መሰረታዊ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ክዉን ንምግባር ኣብ ምሽብሻብ ዝነበረሉ እዋን፡ ተኻፊልቲ ጉባኤ ድማ ብምሉእ ሓበንን ሓላፍነትን፡ ንምድንጋግ ቅኑዕ መትከላትን ጽፉፍ ናይ ቃልሲ መደብ ዕዮን፡ ንዲሞክራስያዊ ናይ ስልጣን ምቅብባል ዘውሕስ፡ ምዕቡልን ፍትሓውን ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ጉባኤ ንምርግጋጽ፡ ጉባኤተኛታት ናብ ዝተኣመተሎም ግዜን ቦታን፡ ኣብ ዘቕንዕሉ ዝነበሩ እዋን፡ ኢሳያስ፡ ወከልቲ ጉባኤ ሒዙ ንኽመጽእ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ጠሊሙ፡ ብቐንዱ ድማ ንጉባኤ ብምሕሳም ኣንቆራ ክፈሊ ወሰነን፡ ንኽፍሕሶ ዝጸንሐ ናይ ቶንኮል ገመድ ክጠላልፍ ተበገሰን።

ንኹሉ'ቲ ብመንገዲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተካየደ ቃልሲ ህዝቢ፡ ሓቀኛ ባህርያቱን ብተዘምዳዊ 'ውን ውሕሉል ናይ ኣተኣላልያ ብቕዓቱን ጠምዚዝካን ኣቢስካን ንምቕራብ፡ እቲ ቀንዲ ናይ ኢሳያስን ጉጅልኡን ናይ ቃልሲ ዕቅድ ምኳኑ በርሀ። እቲ ነዚ ኣገባብ'ዚ ክኽተል ዝደረኾ ርእሰ ምኽንያት ክኣ፡ ኩሉ ዕላማታቱ ካብ ሕምረት ናይ ስልጣን ይነቕል ብምንባሩ'ዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ናይ ስልጣን ጥሙሓቱ ብዘይ-ቅኑዕ መንገዲ ንምርዋይን፡ ነባሪ ናይ ምውሳን ቦትኡ ንምጥጣሕን ዝሃቀነ ምንባሩ ርሑቕ ከይከደ ተነጸረ።

ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ በቲ እዋን'ቲ፡ ብምንም ታኣምር ንድሕሪት ክምለስ ዘይክእልን ዓወቱ ንምጭባጥ ድማ ፍጹም ዘየጠራጥር ምኳኑ ንኹሉ ብሩህ'ዩ ነይሩ። ስለ ዘኾነ፡ እቲ ኣዝዩ ንኢሳያስ ዘሻቕሎን ብዙሕ ድማ ዝዓየሉን ዝነበረ ቀንዲ ጉዳይ፡ ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ብምቕዳም ከምዘይኮነ፡ ኣብ ላዕሊ'ውን በሪሁ'ዩ። ብሱሳን ሽድሽተን ዓ/ም ንሜዳ ምስ-ወጸ፡ ሰራዊት ሓርነት ምስቲ ዝነበረ ከቢድ ኩነታት በዚ ምስ ጸላኢ፡ በቲ ድማ ውሽጣዊ ጸገማቱ ብግቡእ ክፈትሕ ብዕትቡነት እናተራባረበ ከሎ፡ ንሱ ግን ኣብ ውሽጢ ሜዳ ይኹን ኣብ ወጻኢ፡ ምስ ንዕኡ ዝመስሉ ሽነኻት ክመሓዞን ተንኮለኛ ዝምድናታቱ ከደልድልን ብሓደ ሸነኽ፡ ንኣንቆራ ኣብ ዝፈልየሉ ግዜ ባይታ ንምንጻፍ ድማ፡ ምስቲ ድሑር ሕማማት እናቋሰኻ ዝምዝመዙ ነገራት ምንዳይን ንምምሃዝን በቲ ካልኣይ፡ ኣጽዒቑ ዝሰርሓሉ ልዑል ሃሙን ቃልሱን ነይሩ።

ነዚ ነጥቢ'ዚ ብሩህ ዝገብሮ ድማ፡ ኣብቲ ንሱ ኣንቆራ ዝፈለየሉ እዋን፡ ናይ ታሪኽን ሓላፍነትን ተሓታትነቱ ድምብርጽ ከይበሎ ዝሓንጸጸ ውጥን፡ ንሕናን ዕላማናን እዩ። እዚ ውጥን እዚ፡ ንሓደ ርግእ ብምባል ካብ ተጐላባ ርሒቑ ኣዕሚቑ ንዝማዕዱ፡ መን እዮም ንሶም እንታይኸ ብርሑቕ ጨሚቶም ክሃርምዎ ዝደልዩ ዝነበሩ ሸቶ ንምርዳእ ከቢድ ኣይነበረን።

እምበኣርከስ፡ እዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ፖሎቲካዊ እስትራተጂ መንቀሊኡ ዝገበረ ቃልሲ ኮይኑ፡ እቲ ብቐደም ተኸተል ብግንባር ክካየድ ዝጸንሐ መስርሕ፡ ብንጹር ከምዚ ዝስዕብዩ።

- እቲ ቀንድን ቀዳማይን ክድምሰስ ዘለዎ ጸላኢ፡ ንጀብሃ ሰሪዕካ፡ ኩሉ ዓይነት ፕሮፖጋንዳዊ መሳርሕን ኣገባብ ውግእን ተጠቒምካ ምጥቃዕ።

- እቲ ካልኣይ ድማ፡ ህዝቢ ተቓሊሱ ንመግዛእቲ ካብ ሃገር ድሕሪ ምልጋሱ፡ ባህርያዊ ወናኒ ናውቱን (ስልጣኑ)፣ መሬቱን፣ ኮታ ኩሉ መሰላቱ ንምኻን ካብ ዝነበሮ ዓሚቕ ሃረታ ዝመንጨወ ከቢድ ጻዓታት ተሞኺሊኻ፡ ነዚ ብምጭዋይ ኣብ ስልጣን ብምውጣሕ ቸቾ ንምባልዩ።

ነዚ ናይ ርሑቕ ማዕዶ ዕላማ ንምዕዋት ድማ ዝተቐትለ ግዜ ይቀተል፡ ዝተኸፍለ ሂወት ይከፈል ብዘየገድስ ናይ ግድን ክረጋገጽ ዘለዎ ኣምር ኮነ። ስለ'ዚ ድማ ካብቲ ንናጽነት ንምርግጋጽ ዝተኸፍለ ዋጋ ሂወትን ግዜን፡ ብኣዝዩ ዝተዓጻጸፈ ክሳራ እቲ ብርሑቕ ዝተነሸነ (ዝተጨመተ) ዒላማ ተሃርመ። ንሕናን ዕላማናን ተግባራዊ ክኸውን ዝተተለመ ድማ ብሃንደበት ከምዘይነበረ ብሩህ ኮነ።

ኣገባብ ናይቲ ከይዲ ብዝምልከት እምበኣር፡- እቲ ብዓቢኡን ብቐንዱ፡ ኣብ ውሽጢ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሃኒጹ፡ ኣብ ነጻ ኤርትራ ህዝብና ክምሕደረሉ ተባሂሉ ብቃልሲ እናተኾስኾሰን እናፈረዐን ዝመጽእ ዝነበረ ዲሞክራስያዊ ፈልሲ፡ ነቲ ዛጊት መሪሕነት ግንባር ንኸዐውቶ ዝሓንጸጸ ሕልሚ ዓቢ ሓደጋ ብምንባሩ፡ ኣብ ዕንበባን ፍረን ከይበጽሐ ንምቕጻዩ፡ ”*ዓማ ክትሓቅቕ'ያ*” ዝብል ትምቢት ኣብ ግብሪ ንምትርጓም፡ ኩሉ የዐውተኒ'ዩ ዝበሎ መሳርሒታት ንምጥቃም ጉልባቡ ቀሊዑ ተታሓሓዞ። ክሳብ ሎሚ ዕለት ውን ሰራውር ዲሞክራስያዊ ፈልሲ፡ ዕድል ረኺቡ ተመሊሱ ንኸይጥጥዕ፡ ንምቑጥቋጡ ፋስ ካብ ክሳዱ ከየውረደ ኣብ ከባቢ ጀብሃን፡ መብዝሕተኣን ተቓወምትን ክዝምቢ ይርኣ'ሎ።

በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ሓይልታት ይኹን ህዝባዊ ግንባር፡ ነቶም ብብቕዓቶምን ተወፋየነቶምን ካብኡ ዘይንእሱ ዝተፈለየ ራኢ ዝነበሮም ብጾቱ ተጋደልቲ ድሕሪ ዘየቓዱ ጸለመ ምክያድ፡ ጅምላዊ ማእሰርትን ቅትለትን ፈጺሙን ጌና ይቕጽልን ኣሎ።

እቶም ነቲ ናይ ሕድሕድ ሓለዋ ንጥቕሚ መን ከም ዝተወጠነ ዘስተውዓሉን፡ ሓሳብ ሓድሕድ ከወሃህዱን ከዕኩኹን ዝፈተኑ ጉጅለታት ድማ፡ ኣብ ዘይተጸንዐ ውግእ ብምሩግሯግ ከምዘይወጹ ብምግባር፡ ነቲ ናይ ቅኑዕ መንፈስ ምትእስሳራት፡ ኣብኡ ከምዝቕህም ጌሩን ጌና ነባሪ መስርሕ ኮይኑሎ።

ነቲ ብጉልባብ ናጽነት ተሸፊኑ ዝካየድ ዝነበረ ማእለማታትን ሰኪዐታቱን፡ ከስተብህሎ ዝፈተነን ናይ ሕቶ ምልክት ዝመለሐን፡ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ቅንጸላ መርሆ ምጥቃም ከም ቅኑዕ ባህርያዊ መግራሕቲ ተወሰደ። ተጋደልቲ፡ ብዛዕባ'ቲ ሂወቶም ዘውፍይሉ ዘለዉ ዕላማ ቃልሲን ከመይነቱን ክዋስኡስ ይትረፍ፡ እቲ ብጻያዊ ሓድሕዳዊ እምነት ከምዝጠፍእ ብምግባር፡ ሓደ ኣብ ልዕሊ'ቲ ካልኣይ እንታይ ከምዘተንፍስ ብምክትታል ውሽጢ-ውሽጢ ከምዝጠቓቕዑ ብምውዳብ፡ ብቐጥታ ነቲ መሪሕን ንሱ ከዕውቶ ዝተዓጥቀሉ ዕላማ ከምዘገልግሉ ተገይሩ።

***..... ይቕጽል***